# ክንዲ ንድሕንነት ህዝቡ ንድሕንነት ስልጣኑ ዝጭነቕ ሕምብርቲ ውድብን ኩለመዳያዊ ቃልሲን

ኤርሚያስ ኣማረ

**July 27, 2024**

**ኣብ ታሪኽ ህወሓት ኮነ ኣብ ናይ ቀረባ ታሪኽ ትግራይ ተራእዩ ብዘይፈልጥ መልክዑ ደገፍቲ ህወሓት እዚ ዝቦቅል ዘሎ ሓዱሽ ፓለቲካዊ ባህሊ ፀላዕላዕ የብሎም ኣሎ:: እቲ ሕምብርቲ ውድብ ወይ ድማ ኣስኳል ፓለቲካል ኢኮኖሚ ዝኾነ ኣብ ትግራይ ኣብውሽጢ እቲ ውድብ ይኹን ካብ ደገ ዝግበሩ ለውጥታት ፈፂሙ ዘይቕበል ገባሪ ሓዳጊን ወናኒ ኣተሓሳስባን እዩ- ኣብ መሪሕነት ሃለወ ኣይሃለወ ብዘየገድስ ከም ሕማም ለበዳ ፎቕድኡ ዝተበተነ እዩ:: ካብኡ ንምግልጋል ኣብዝግበር ቃልሲ ትግራይ ዝነፀረቶም ይመስል!! ኣብ ከይዲ እዚ ንህዝቢ ታክቲካል መሓዝኡ ኽኸውን ዝኽእል ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ::**

## ሓዱሽ ባህሊ?

**ዲሞክራስያዊ ጥርናፈ ሓደሽደሽ ይብል ኣሎ:: ሕሉፍ ክፍኣቶም ንዕቀቶምን ትዕቢቶምን ፀሓይ ይወቕዖ ኣሎ:: ከምቲ ቀደም ዝተፈለየ ሓሳብ ዘንፀባረቐ መን ምኳኑ ዘይፍለጥ ድሕሪ 10 ዓመት እቲ መጉዳእቲ ምስበፅሐ "key informants" እዳበሉ ኣብ መፅሓፍ ዝፅሕፍዎ (Chaltu’s book in mind) ምፅባይ የለን:: ንጉሆ ይውጋዕ: ምሸት ናብ ማህበራዊ ሚድያ ይወፅእ:: ሚስጥር ዝባሃል የለን:: ሎሚ እማ ገባር እውን ከሰምዖ ይግበር ኣሎ:: የቓንየልና ድምፂ ወያነን ትግራይ ተለቪዥንን:: እቲ ገዛ ዓፅዮም ዝማያየጥሉ እውን 4ቲኡ መንደቕ ሚስጥር ዘውፅእ እዩ ዝመስል:: ዝገርም ለውጢ:: በዚ ፍጥነት ለውጢ ከመፅእ ኢለ ኣይተፀበኹን:: ዝጨውዮ ከህልው ይኽእል ዶ እወ- ብጥንቃቐ ህዝቢ ክካታተሎ ይግባእ::**

ሓደ ካፍቶም ቲንክ ታንክ ናይቲ ሕምብርቲ ውድብ (establishment) መጋውሒ ዝኾነ "ህወሓት ብኣብስትራክት ፓወር እዩ ዝነብር " ኢሉና ነይሩ:: ኣብስትራክት ፓወር ማለቱ ዘይጭበጥ ሓይሊ ቀፃሊ ነባራዊ ህልውና ዘለዎ ሓይሊ ማለቱ እዩ:: ዳርጋ ምስናይ እግዚኣብሄር ስልጣን ዝማጣጠን ማለቱ እዩ (ናይ ጆርጅ ኦርዌል መፅሓፍ ዘንበበ እንታይ ይብል ከምዘለኹ ይርድኦ እዩ):: ሓቂ እንድዩ ከትብሉ ትኽእሉ ትኾኑ:: ካብ ኩሽነ ኣዴታትና ጀሚሩ ናይ ጥፍኣት ጉጅለ ሽሙ ቐይሩ ልምዓት ጉጅለ እንዳበለ ን30 ዓመት ህዝቢ ሓይሩ ዝፀንሐ ውድብ ስለዝኾነ:: እንትጅመር ህወሓት ናይ ሓሳብ እኩብ ዝወለዶ ውድብ እዩ ነይሩ:: ዝተወሰነ ህዝባዊ መሰረት ድማ ነይርዎ:: ሕዚ ግን ብመደብ / ኣስኳል ፓለቲካል ኢኮኖሚ ዝወነነ ኣተሓሳስባ ተዓብሊሉ እዩ:: ኣብ ኣሜሪካ ይሃልይ ኣድያቦ ኣተሓሳስብኡ (establishment) ዝኾነ ይኹን ለውጢ (reform) ንኸይመፅእ ዝቃለስ እዩ:: ኣብዚ ሓደ ገባር እንደርታ ዝተዛረብዎ ተዘኪሩኒ:: "እንታይ ናብ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ጥር ኣበለኩም ኣብዚ እኮ ኣሎ 30 ዓመት ኣብ ስልጣን ዝፀነሐ ናይ ወረዳና ኢሳያስ ኣሎ" ዝበልዎ:: ናይ ብሓቂ ኣብ ሓደገኛ ግዜ እዩ ተበፂሑ ዘሎ:: ስለዚህ ከም ህዝቢ ትቃለሶ ዘርፈ ብዙህ መደብ እዩ:: ዝተፈለየ ሓሳብ ዘምፅእ (መንግስትን ውድብ ቢዝነስን ምፍላይ) ብዓይኒ እቲ ኢስታብሊሽመንት ቦታ የብሉን::

# ኣንፃር ሕምብርቲ ውድብ ናይ ምውቃዕ ጉባኤ?

እዚ ሕዚ ንጉባኤ ምክያድ ዝግበር ዘሎ ዕንደራ ንኸይካየድ ዓብላሊ ድምፂ እንተዝህልዎም ነይሩ ወይ ድማ ብዴሞክራስያዊ መንገዲ ጌታቸው ረዳን መሓዙቱን ናብ ጉባኤ ንእተው እንተዝብሉ ነይሮም ኣይምኸዱን ነይሮም:: ስለዚህ እቲ ጉባኤ ንምንታይ ንኸካየድ ከምዝደልዩ ፍሉጥ እዩ:: እንደውም ሎማዓንቲ ዶ/ር ደብረፅዮን ኣረጋጊፁልና:: ኣብ ናይ ሎማዓንቲ መግለፂኡ "እታ ውድብ ከይትዕረ: ከይትፀርይ: ተማዓራርያ ከይትኸይድ ህዝባ ከይተገልግል ኣብ ውሽጥና ኾይኖም ዘይደልዩ ኣለዉ" ክብል ተዛሪቡ:: ኣነ ዝገርመኒ እዛ ውድብ እዚኣ መዓዝ ኮን እያ ትፀርዮ? ብ1985 ኣሸሓት ተጋደልቲ ኣባሪራ ኣይፀረየትን:: ካብኣቶም ሓደ ኣስገደ ገብረስላሴ ምኳኑ ይፍለጥ:: ከምኡ እውን ብ1993 ብዙሓት ኣመራርሓ ኣባሪራ:: ለውጢ ግን የለን:: ኣብ 2017 እውን ማራቶን ኢላ ዳርጋ ፍርቂ ፀርያ እያ:: ስለዚህ ዶ/ር ደብረፅዮን እንታይ ክገብር ከምዝደለየ ጦንቃሊ ምቕላብ ኣየድልየናን:: ኣንፃር እቲ ኢስታብሊሽመንት ንዝኾነ ኣባል ንምውቃዕ!! ናፍቖት "ኣዮኻ ናይና" ካልእ እኳ የዛርብ::

ንምጥቕላል ህዝቢ ትግራይ ሕዚ ኣብ ወሳናይ ምዕራፍ እዩ ዘሎ:: ኣንፃር እቲ ኢስታብሊሽመንት: ንዘመናት ተፃዒንዎ ዝፀንሐ ውሽጣዊ ምስሉይ ሓደገኛ ኣተሓሳስባ እዩ ተላዒሉ ዘሎ:: ቀንዲ ባእሲ ህዝቢ ምስቲ ፀረ ለውጢ ምኳኑ ኣብ ክንዲ ንድሕንነት ህዝቡ ንድሕንነት ስልጣኑ ዝጭነቕ ሕምብርቲ ውድብ ምኳኑ እንተዝርድኦም ነይሩ ናብዚ ኹሉ ዕንክሊል ዘእትው ኣይምነበሮምን::

ብሓፂሩ ኣጀንዳ እቲ ጉባኤኦም ውድብ ነድሕን እምበር ህዝቢ ነድሕን ከምዘይኮነ ባዕሎም ሓቢሮምና ኣለዉ:: ኣብ ኣውሮፓ የለ ኣሜሪካ ኾይኑ ንህዝቢ ኣብጉዳዮም ክፅመድ (busy) ዝገብርዎ ዘሎ ወነንቲ ሕምብርቲ እቲ ውድብ እዮም:: ዝተፋላለየ ሽም ክህልዎም ይኽእል እዩ- ተጋዳላይ: ሙሁር: ኣክቲቪስት: ሃይማኖት መራሒ ወይ ድማ ነጋዳይ:: እዞም ዝተጠቐሱ ርኢቶኦም ክህቡ እንከለዉ ህዝቢ ትግራይ ውሳነ መራሕቱ ይፅበይ ኣሎ ይብሉ ብድፍረት:: "ህዝቢ ትግራይ ይምራሕ እምበር ኣይመርሕን" ዝብል ጭርሖ ኣብዚ ቀረባ ሒዞምልና ክመፁ ይኽእሉ ይኾኑ::

# ሃዲዱ ዘይስሕት ኩለመዳያዊ ቃልሲ

ስለዚህ ተመሊሱ ህዝቢ ናብ ጭቃ ኹናትን ዕንወትን ከይርግረግ: ተጀሚሩ ዘሎ ኩለመዳያዊ ቃልሲ ሃዲዱ ከይስሕት እንዳተናበበ ነቲ ለውጢ ኣብ ሸቱኡ ክብፅሖ ይግባእ:: ኣብ ትግራይ ንለውጢ ዝግበር ወፍሪ ሚስጥር ኣይኮነን:: ለውጢ ክባሃል ከሎ ህዝቢ ማሕበረሰባዊ ቅርፁ ተጠቒሙ ካብቲ ኣብልዕሊኡ ተስፋሕፊሑ ዘሎ ኩለመዳያዊ ፀገም ዝላቐቐሉ መንገዲ ምእላሽ ማለት እዩ:: እቶም ፀገማት ሱር ዝሰድዱ ናይ ኣተሓሳስባ ፀገማት ኮይኖም ብዋናነት ኣብ ኢኮኖሚ: ፓለቲካ: ባህሊ: ከምኡ እውን ሃይማኖት ዝተፀምበሩ እዮም:: ስለዚህ ካብዚ ንምንጋፍ ካብ ማንም ግዜ ንላዕሊ ተሳትፎ ዜጋ ኣብዝድለየሉ ግዜ ኢና ዘለና::

ብውሑድ ከም ሞራላዊ ውክልና ዘለና ሰባት ኮነ ውድባት ንህዝቢ ዘገልግል መንግስቲ ንኽምስረት ግዴትኡ ከዋፃእ ፀቕጢ ምግባር የድሊ::ካብኡ ሓሊፉ እውን በቲ ኣብ ትግራይ ዝምዕብል ዘሎ ውሽጣዊ ፓለቲካዊ ክፍፍል እቲ ውድብ ሙሉእ ንሙሉእ እንተፈሪሱ ኣብ ትግራይ ዘለዉ ፓለቲካዊ ፓርቲታት ሕብረት ፈጢሮም ነቲ ክጋጥም ዝኽእል መንግስቲ ምፍራስ (power vacuum) ክፈትሕሉ ዝኽእሉሉ መንገዲ ምእላሽ የድሊ::